# ሰንበት ዘኖላዊ

## ታኅሣሥ 27 2027 ዓ.ም. 01/05/2025)።

**መዝሙር፡** ኖላዊ ዘመጽአ ውስተ ዓለም... ቅድም እቲ ሙሴ ኣብ ኦሪት ዝተዛረቦ ነገሮም ዳዊት ድማ ኃይልኻ ኣርኢ ንዓ ኣድኅነኒ እቲ ጓሳና ካብ ሰማያት ወሪዱ እዩ እቲ ጓሳና ብጃ ኮይኑ ንዓለም ከድኅን እዩ ተኣዚዙ ንእስራኤል ጓስኦም ኮይኑ ከድኅን ወሪዱ መጸ፥ ንስኻ ብኣፍ ነብያት ዘመጸ ረዳኢ ኣምላኽ ኢኻ ናብ ሕዝብኻ ሰላም ስደድ ሕያዋይ ጓሳ ምስጉን ከማኻ ዝበለ መን ኣሎ ምእንቲ ህዝብኻ በጃ ክትከውን ብትእዛዝ ኣቦኻ ካብ ሰማይ ወሪድካ ንዕረፍቲ ሰንበት ሰራዕካ።

**ንባባት፡** ዕብ 13፡16-ፍ፥ 1ጴጥ 2፡21-ፍ፥ ግ.ሓ. 15፡13-21፥ ዮሓ 10፡1-21።

**ምስባክ፡** ኖላዊሆም ለእስራኤል አጽምእ፥ ዘይሬእዮሙ ከመ አባግዐ ዮሴፍ፥ ዘይነብር ላዕለ ኪሩቤል አስተርአየ። ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና ኣታ ንህዝብኻ ንደቂ ዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሓና።ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ ተገለጽ (መዝ. 80፡1)።

ካብ ታሕሣሥ 1-26 ዘሎ ዘመነ ስብከት ይብሃል ምኽንያቱ ነብያት ናይ ጎይታ ብሥጋ ምምጻእ ኣግፊሖም ብትንቢት ብትምህርቲ ብምስትምሃሮም ምስባኾም ቤተ ክርስትያን እና ሓሰበት ሰብ ንመድኃኒ ኣብዚ ዓለም ንዝመጸ ኣምላኽ እትሓስበሉ እዋን እዩ። ናይ ሎሚ ሰንበት ብፍሉይ ዘኖላዊ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክርስቶስ እቲ እንኮ ጓሳና ምኺኑ ተረዲእና ኣብ መጓሰኡ ክንርከብ ክንሓስብ ሕይወትና መንፈስ ኣምላኽ ለቢሱ ደቂ ኣምላኽ መጓሰ ኣምላኽ ዘብል መገዲ ክንሕዝ እሞ ደቂ ገዛ ኮና ደምበና ክነለሊ። እዚ ጓሳ ዝብል ካብ ጥንቲ ብነብያት ዝተነገረ እዩ። ኩሎም ነብያት ክርስቶስ ጓሳና ከምዝኾነ ተነበዩ፥ ባዕሉ ኢየሱስ ከኣ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ እናበለ ኣስተምሂሩና (ዮሓ 10፡14)። ሓደ መጓሰ ክንከውን ጸልዩልና ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን እናሰርዐ። ናይ ኣምላኽ መጓሰ ኮና ክነብር እዩ ተፈጥሮና ኣብ ካልእ መጓሰ ክንሕወስ ድላይ ኣምላኽ ኣይኮነን። ሎሚ መጓሰና ኣለሊና ደንበና ክንእቱ ኣምላኽ ይጽውዓና ኣሎ።

ጓሳ ኣብ ልዕሊ መጓሰኡ ፍሉይ ፍቕርን ሓልዮትን ኣልኦ ኩሉ ጊዜ ብዛዕብኤን ይሓስብ ኩነታት ርእዩ መግበን ጥዕንኤን ከምኡ ካብ ዝኾነ ጸላኢ ለይትን መዓልትን ይሕልወን ይከናኸነን ኩሉ ጊዜ ኣብ በረኻ ኣብ ዓዲ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ጥቕኤን ኣሎ። ከምገለ ኣራዊት እንተ መጸ ይከላኸለልን። ክፍሊ ሕይወቱ እየን። ናይ ፍቕሩ ምልክት ኣስማት የውጽኣለን ንሰን እውን ኣስማተን ይፈልጣ። ኣብ ዓድና ከምዚ ስለ ዝኾነ ካብ መጓሰኦም ክሓርዱ ይኽብዶም ኣብ ገለ እዋን ካብ ካልእ ገዚኦም ይሓርዱ ምኽንያቱ ነተን ናቶም ከም ደቆም ስለ ዝርእይወን። ኣብ ከባቢ ባርካ እንተ ኸድና ጓሶት ከብቶም ኣምርሖም ክኸዱ ክትርኢ ከሎኻ ናይ ብሓቂ ምስ ናይ ወንጌል ትምህርቲ ናይ ጓሳ ሓላፍነትን ፍቕርን ናይ መጓሰኡ በርሁ ይርእየካ። ዘመቲ ክዘምቱ ምስ መጹ እቲ ጓሳ ሓንቲ ድምጺ እንተ ገበረ ንዘመድቲ ጥሒሰን ይሃድማ ስለዚ ብዙሕ ጊዜ ዘመድቲ ንጓሳ መጀመርያ ይሕዝዎ ወይ ይቀትልዎ ሽዑ ክዘምቱ ይኽእሉ። እተን መጓሰ ምስ ጓስኤን ዘልኤን ርክብ ኩሎም ይፈልጡ እዮም።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ጓሳኦም ምኺኑ ብኹሉ ተገሊጽሎም። ካብ ባርነት ካብ ስደት ከምኡ ኣብ ጊዜ ውግእን ጥመትን ሓልዮቱን ፍቕሩን ኣርእይዎም። እግዚኣብሔር ጓሳይኤይ እዩ ዝፈርሖ የብለን ዝብል መንፈስ ፍሉይ እምነት ከም ዘሕድሩ ገርዎም። ኣምላኽ ብግብሮም ካብኦም ክኸወል እንከሎ ሽዑ ብዝያዳ ይርድኦም ነበረ። ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና እናበሉ ንኣምላኽ ይልምኑ ነሮም።

ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም ምስ መጸ ኣነ ሕይዋይ ጓሳ እየ እናበለ ንሱ እቲ ሓቀኛ ጓሳ ምኻኑ ገሊጹልና ኩሉ ኣብ ትሕቲኡ ኮይኑ ሕይወቱ ዝመርሕ ክፍሉ መጓሰኡ ምኳኑ ገሊጹልና። ኣብዚ ኣብ ልደት መድኃኒ ከነብዕል ኣብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን ካባና ዝድለ ዘሎ ኣብ መጓሰ ኣምላኽ ክንርከብ። ንርእስና ኣበሎኹ ምስ መን ኣሎኹ ኣብቲ ኣምላኽ ዘለዎ ድየ ዘሎኹ ወይስ ካብኡ ርሒቐ እናበልና ዘሎናዮ መጓሰ ክንርኢ። ከም ጥሪት ኣምላኽ መጠን ኣብዘይ ደምበና ኣቲና ተባሪርና ከይንህሉ ደንበና ክንርኢ ንዕደም ኣሎና። ኣብ ሕይወት ቊምስና ከምኡ ኣብ ሕይወት ስድራታት እንተ ረኤና ገለ ስኣን ደንቢኦም ዘርእዮም ገለ ኸአ ነቲ ምብራር ሓንሳብ ምስ ለመድዎ ይጥዕሞም ሽዑ ተባሪሮም እንከለዉ ፀሓይ ትዓርቦም እሞ ዋኒን መሮር ይዕወተሎም። ሎሚ እምብአር ተባሪርና ከይንህሉ ነፍስና ክንርኢ የድሊ።

## ተጓሲኻ ምኽኣል፡

ከም ሰባት መጠን ለባውያን ፍጥረት ስለ ዝኾና ሒዝናዮ ዘሎና መገዲን መንፈስን ክንርኢ ሕልናና ክንሓትት ኣብ እንታይ ከምዘሎና ክንርኢ ንኽእል። ሰብ ሕይወቱ ክርኢ ምስ ጀመረ ጥራሕ እዩ ዘለዎ መጓሰን ሕይወትን ከለሊ ዝኽእል። ሰብ ኣብዘይ መጓሰኡ ኣትዩ ጓና እንከሎ ከም ወዲ ገዛ ኮይኑ ክነብር ከመሳሰል ኣየጸግሞን እዩ ሽዑ መንነት ዘይብሉ ዓዲ ዘይብሉ ኮይኑ መንነ መንነ ይነብር። እቲ ዝኸበደ ጓና ስለ ዝኾነ እቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ኩሉ ጊዜ ከም ዘይወዲ ዓዶም ይርእይዎ ኣብ ገለስ መውስቦ እውን ይኸልእዎ ኣይፍሉጥን ኢኻ ይብልዎ እዚ ኹሉ ካብ ዓዱን ወገኑን ካብ ደምቢኡ ምስ ወጸ ዝጓነፎ እዩ። ናይ መን ምኳንካ ክትፈልጥ ይግብአካ ሽዑ ኮሪዕካ ደፊርካ ክትንቀሳቐስ፥ ወዲ ዓዲ እየ ሰብ ኣሎኒ እናበልካ ክትምካሕ ሰብካ ክትፈልጥ የድሊ። ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ንሕና ሓደ መጓሰ ኣምላኽ ኢና። መንነትና ናይ ኣምላኽ ምኳን እዩ። ክርስትያን ናይ ኣምላኽ ነገር ሓዲጉ ኣብ ናይ ሰይጣን ደምበ ክኣቱ እንከሎ ሽዑ ውርደትን መከራን ይበዝሖ። ዘይሕጉስ ሕይወት የሕልፍ። ሎሚ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ምናልባት ዘንጊዕና እንተ ኣሎና ክነስተውእል የድልየና።

## ደንበና ቤት ኣምላኽ እዩ፥ ተፈጥሮና ደቂ ኣምላኽ ምኳን እዩ።

ኣምላኽ ፈቃር እዩ። ፍጡራቱ ምስኡ ክነብሩ ምስኡ ሕይወት ክህቦም እዩ ዝደሊ። ኣነ ኦም እየ ንስኻትኩም ጨንፈር ኢኹም ስለዚ ሕይወት ክህልወኩም ኩሉ ጊዜ ምሳይ ርክብ ይሃልኹም ይብለና። ኣብዚ እንነብሮ ዓለም በብዓይነቱ ደምበታት ኣሎ፥ ናይ ክርስትያን ደምበ ግን ፍሉይ እዩ፥ ኣብ ደምበ ክርስትያን መለልይኡ ምሕረት ፍቕሪ፥ ሰላም፥ ቅሳነት እዩ። ኣብ ገለ እዋን ዝተፈላለየ ጸገም እንተ ወረደ እውን ክርስትያን ንጸገም ተሸኒፉ ደንቢኡ ኣይቅይርን እዩ። እምብአር ደምበና ዘይኮነ ሒዝና ከይንህሉ ክንጥንምት እሞ ኣብ ቤት ኣቦና ክንኣቱ ሎሚ መዓልቱ እዩ።

ንሎሚ ዝተነበ ወንጌል ዮውሓንስ ናብቶም ናቱ መጸ እቶም ናቱ ግና ኣይተቐበልዎን፥ ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዝኣመኑ ኹሎም ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ ሥላጣን ኣቦም ይብል። ንሕና ናይ ኣምላኽ ኢና ርክብና ኣተሓሳባና ኣብ መንጎና ዘሎ ርክብ መግለጺ ናይ እቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ክከውን ይግባእ። ኣብዚ ኣብ ልደት ኣብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን እምብአር ዘሎናዮ ሕይወትን እንኽተሎ ዘሎና መገዲ ርኢና ናይ ኣምላኽ ምኳና ዘኪርና ክንሕደስን ክንቅበሎ ክንሰናዶን ንዕደም ኣሎና።

ኣብ ቤት ኣቦይ ክኣቱ ፍቓደኛ እየ ኢልና ንኣምላኽ ልብና ሕይወትን ናቱ ክገብሮ ክነፍቅደሉ። ከብቲ፥ ኣግማል ናትካ ምኳነን መለልይ ሕላገት ይግበረን ሕልላገትና መለልይና ፍቕሪ ስኒት ገርና ንመድኃኔ ዓለም ኣብ ልብና ክውለድ ኣንጺሕና ንቀበሎ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ